# ካብ ዒላ ማይ ክትሰቲ ከሎኻ
# ነቶም ነታ ዒላ ዝኾዓቱ ዘክር !

ብተስፋማርያም ሓጎስ

ህዝቢ ኤርትራ ሎሚ መበል ዕስራ ዓመት ናጽነት ከኽብር እንከሎ ፍሉይ ሓበንን ደስታን ይስምዖ። መበል ዕስራ ዓመት ናጽነት ንኽትገልጾ ቃላት ክትረኽበሉ ብዘይትኽእል ብዓቢ ድምቀት ተባዒሉ።ኣብ መላእ ኤርትራ ካብ ጻት ንጻት ህዝቢ ንመዓልቲ ነጻነቱ ብኣዝዩ ዓቢ ድምቀትን ሓበንን ኣብዒልዋ።ከምዚ ህዝቢ ኤርትራ ብዘደንቕ ኣገባብ እሞ ከኣ ኣብ መላእ ሃገር በዓሉ ዘብዕል ህዝቢ ኣብ ኣፍሪቃስ ይትረፍ ኣብ መላእ ዓለም የሎን እንተበልናስ ካብ ሓቂ ኣይረሓቕናን። እዚ ሓርበኛ ህዝቢ እዚ ነዛ ተፈጥሮ ዝዓደለቶ ነጻነት ብዓመጽትን እንዳማቶም ደለይትን ተመንዚዑ ህይወት ከፊሉ ከምጻኣ ተገዲዱ። ህዝቢ ኤርትራ ንሓደ ዘመን መመላእታ ኣብ ትሕቲ ዝተፈላለዩ ገዛእቲ ሓይልታት ወዲቑ እዚ ኢልካ ንኽትገልጾ ዘይከኣል ግፍዕን መከራን ረኺቡ ። እዚ ሓያል ህዝቢ እዚ ንዝመጽኣ ባኦዳዊ ገዛኢ ኣሜን ኢሉ ተገዚኡ ኣይፈልጥን። ኣንጻር ኩሎም በብዘለዎ መኪቱን ህይወት ከፊሉን እዩ። ህዝቢ ኤርትራ ንኹሎም እቶም ኣንጻር ባዕዳውያን ገዛእቲ መኪቶም በጃ ዝሓለፉ ብዝተፈላለዩ ደርፍታትን ኣውሎን ክሳብ ሎሚ ይዝክሮም ኣሎ። ሓደ ፍሉይ ባህሪ ናይ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ልዕሊ ሰማእታቱ ዘለዎ ክብሪ ኣዝዩ ልዑል ብምኳኑ ምእንቲ መሬቱን ነጻነቱን ህይወቱ ናይ ምኽፋል ድሌቱ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናለዓለ ክኸይድ ይነብር። ኣብ ሃገሩ ዘለዎ ፍቕሪ ከኣ ማዕረ ማዕሬኡ ሰማይ እናዓረገ ይነብር። ንመግዛእቲ ጥልያን ኣብ መላእ ኤርትራ ብኹሉ ሸነኻት ጀጋኑ ሓርበኛታት እናተላዕሉ ልቡን ቀልቡን የጥፍእሉ ኔሮም፣ ንሱ ድማ ኣብ ዝሕዞም እዋን ክሃድሙሉ ኣይክእሉን እዮም ዝብሎ ኣብ ነኣሽቱ ደሴታት ከም በዓል ናኹራ ኣብያተ ማእሰርቲ ኣቑሙ ክኣስሮም ጀመረ። ንኤርትራዊ ዘይከኣል ነገርን ዘይስገር ገደልን ከም ዘየሎ ግን ካብ ናኹራ ፈንጢሶም ክወጽኡ ምስ ጀመሩ ንሓይሊ መግዛእቲ ጽቡቕ ጌሩ በሪህሉ እዩ። እዞም ጀጋኑ ሓርበኛታት ኣቦታት ክሳብ ለይቲ ሎሚ ጅግንነቶም ይንገረሎምን ህዝቢ ይሕበነሎምን ኣሎ።

ኣብዚ 1961 ዝጀመረ ብረታዊ ቃልሲ ውን ህዝቢ ኤርትራ በይኑ ብዘይ ናይ ማንም ደገፍ ነቲ ናይ ዓበይቲ ርእሰ ሓያላንን ሰዓብተንን ደገፍ ዝነበሮ ንጉሳዊ ስርዓት ኢትዮጵያ ከም ፍልሖ ዝበልዖ ዓንዲ ኣሎ እናተባህለ ፈርከሽኪሸ ኢሉ ሓንሳብን ንሓዋሩን ከም ዝጠፍእ ጌርዎ እዩ። እወ ንሕና እንዲና ህዝቢ ኤርትራ እቶም ከም ወርቂ ብሓዊ ተፈቲንና መሊስና እነብለጭልጭን ፍሉያት ህዝቢ። እወ ነዞም ኩሎም ኩምራ ጸላእቲ ክንሕምሽሽን ከነጥፍእን ጀጋኑ ክንከፍል ግድነት ስለ ዝኾነ ብሉጻት ከፊልና ኢና። ናትና መስዋእቲ ስለ ፍትሒ ስለ ሰላም ስለ ነጻነት ስለ ሓፋሽ ህዝቢ እዩ ተኸፊሉ ፣ ስለ ዝኾነ ከኣ ኣዝዩ ክቡርን ንዘለኣለም ብኽብሪ ክዝከር ዝነብርን ዓቢ ሕድሪ ዘሰክምን እዩ። ነፍሲ ወከፍ ኤርትራዊት ስድራ ምእንቲ ነጻነት ብሉጻት ደቃ ከፊላ እያ። ነፍሲ ወከፍ ትርብዒት ሜተር መሬት ኤርትራ ኣብ ከርሳ ጅግና ሓቝፋ'ላ ፣ ጅግንነት ተፈጺሙላ ታሪኽ ጅግንነት ተሰኪማ'ላ። እዚ ህዝቢ ኤርትራ ኣብዚ ናይ ሰላሳ ዓመታት መሪር ቃልሲ ዘርኣዮ ጅግንነትን ዝኸፈሎ ረዚን መስዋእትን ኣብ ዓለም መዳርግቲ የብሉን። ከምኡ ውን ኣብቲ ብ1998 ብጭፍራ ወያነ ዝተኸፍተልና ናይ ጥፍኣት ወራር ህዝቢ ኤርትራ ዳግማይ ክቡር ደሙ ኣፍሲሱ ኣዕጽምቱ ከስኪሱ ሃገሩ ኣድሒኑ ፣ ኣብ ልዕሊ እታ ሕስርቲ ብሕስርቲ ጭፍራ እትምራሕ ኢትዮጵያ ጥራይ ደይኮነስ እንተላይ ርእሰ ሓያላንን ሰዓብቶምን መዳርግቲ ኣልቦ ጅግንነት ፈጺሙ'ዩ ከም ቀደሙ እናነብሐ ብዓወት መሰስ ኢሉ እዩ። ንሕና ጥሙራት ከም ማእዶ

ኣብ ኲናት ይኹን ኣብ ልምዓት እነርእዮ ጅግንነትን ተወፋይነትን መሰረቱን መንጠሪ ባይታኡን እቶም ጅግንነት ፈጺሞም ነጻነት ዘምጽኡን ነጻነት ዘውሓሱን ሰማእታትና እዮም። ነቲ ቀጻሊ ወለዶ መታን ሓድነቱ ኣትሪሩ ሓይሉ ኣደልዲሉ ብሰላምን ቅሳነትን ክነብር ከነመሓላልፎም ዘሎና ብዙሓት ነገራት ኣለዉ።እቶም ብህይወት ዘሎና ብህይወት ካብ ዘለዉ ደኣ እምበር ካብ ብሞት ዝተፈልዩና ታሪኽ ክንጽሕፍ ኣይንኽእልን ኢና። ከሎና ጥራይ ኢና ታሪኽ ክንጽሕፍ እንኽእል። ንሕና ኤርትራውያን ነዛ ነጻነትና ንምርካብን ንምውሓስን ዝኸፈልናዮ መስዋእቲ ብርዝነቱ ኣብዛ ዓለም መዳርግቲ ኣለዎ ኢልካ ክትዛረብ ዝከኣል ኣይመስለንን። ሰማእታትና ክንዝክርን ሓወልቶም ክንሰርሕን፡ ንስድራ ቤቶም ከም ስድራ ቤትና ክንናቢ፡ ታሪኽ ጅግንነቶም ንቐጻሊ ወለዶ ከነመሓላልፍ፡ ንኤርትራ ብኹሉ መዳይ ልዕሊ'ቶም ምዕቡላት ኢና በሃልቲ ክንሰርዓ ፡ ብዝረብሑን ዘይረብሑን ዘይትድፈር ሓያል ከም እትኸውን ምግባር ውሑዳት ካብቶም ቀንዲ ሕድሪ ሰማእታትና እዮም። ንሕና እዚ ነቲ ቀጻሊ ወለዶ ብፍላይ ከኣ ነዚ መንእሰይ ትውልዲ ኣጸቢቕና ከነውርሶ ኣሎና። ነዚ ብንውሓቱን ብምረቱን መዘና ዘይብሉ ቃልሲ ንናጽነት ንምምጻእ ዝሓለፈ መሪር ቃልሲ፡ ኣብ ሕክምናዊ መዳይ ኣብ ዓውዲ ኲናት ኣብ ማእቶት ኣብ ትምህርቲ ኣብ ሕርሻ ከመይ ዝበለ ንሰማዒኡ ኣይኮነን ነፈጻሚኡ ንምእማን ዘጸግም ቅያ ብግቡእ ተሰኒዱ ብመጻሕፍቲ መልክዕ ተጻሒፉ ክተሓዝ ይግብኦ። ነፍሲ ወከፍ ተጋዳላይ ኣብ ኣእምሮኡ ተኸዚኖም ዘለዉ ናይ ቃልሲ ታሪኻት ወጺኦም እንተ ዝጸሓፉ ክንደይ መጻሕፍቲ ኮን ምኾኑ ! ኣብዘን ዕስራ ናይ ናጽነት ዓመታት ክንደይ ሓርበኛታት ተጋደልቲ ብመስዋእቲ ሓሊፎም ኣለዉ ! ካብ መቓብር ኣውጺእካ ታሪኽ ክትጽሕፍ ኣይከኣልን እዩ።እዞም ጀጋኑ ብህይወት ከለዉ ኢና ነቲ ቅያ ጅግንነት ክንጽሕፎን ክንሰንዶን እንኽእል። ኣብዚ ሓደ ክበርሃልና ዘለዎ ነገር ኩሎም ተጋደልትና ናይ ምጽሓፍን ምስናድን ዓቕሚ ኣለዎም ማለት ኣይኮነን፡ እቶም ዝበዝሑ የብሎምን። በቲ ሓደ ሸነኽ ክንርእዮ እንከሎና ምስቲ ድሒሩ ዘጋጠመና ኲናት ዓቕሚ ገንዘብ ውን ክውሕድ ይኽእል እዩ። እቶም ናይ ምጽሓፍን ምስናድን ክእለት ዘለዎም ብመደብ ንነፍሲ ወከፍ ተጋዳላይ እንተ ኣብ ወረቐት እናጸሓፍካ ድዩ ወይስ ብቴፕ እናቐረጽካ ነቲ ታሪክ ጅግንነት ምስናድ ይከኣል እዩ። ልክዕ ነዚ ንኽትገብር ግዜን ገንዘብን ይሓትት እዩ እንተኾነ ነቲ ግዜ ከም ቃልሲ ወሲድና ነቲ ናይ ገንዘብ ሽግር ግን ሓምሳ ለሚን ንሓደ ሰብ ሰኽሙ ንሓምሳ ሰባት ግን ጩና ከም ዝበሃል ኣብ ውሽጢ ሃገር ይኹን ኣብ ወጻኢ ዝነብር ኤርትራዊ ኢደይ ኢድካ ክበሃል ይከኣል እዩ።

ሓወልቲ ውን ሓደ ኣብ ሓደ ቦታ ኮፍ ኢሉ ንዘዝመጸ ወለዶ ታሪኽ ዝትርኽ ቀዋሚ ትካል እዩ። ኣብቲ ሕልፍ ዝበለ ቅያ ዝተኻየደሉ ጎቦታትን ስንጭሮታትን ሃገርና ነቲ ፍሉይ ፍጻመ ዝትርኽ ሓደ ንእሽቶ ግን ነቲ ልክዕ ዝነበረ ታሪኽ ዝገልጽ ሓወልቲ ክንሰርሓሉ ይግብኣና። ድፋዓትና ንዓና ካብ ጸላኢ ተኸላኺሎም ንጸላኢ ክንሕምሽሽን ዝሓገዙና ብኣና ዝተኳዕቱን ዝተነድቁን እዮም። እዚኦም ድሕሪ ነጻነት ክንክን ተጌርሎም'ዶ ? እዞም ድፋዓት እዚኦም ንውሉድ ወለዶ ክመሓላለፉ ዘለዎም ክፉል ጅግንነታዊ ታሪኽና እዮም። ምስ ግዜ ክፈርሱን ክዓንዉን እንታይነቶም ክሃስስን ሰኺ ኢልና እንተደኣ ንርእዮም ኮይንና ንገዛእ ታሪኽና ብገዛእ ኢድና ነጥፍኦ ኣሎና ማለት እዩ። እቲ ውድብ ዝጥቀመሎም ዝነበረ ኣብያተ ጽሕፈት ፡ ሕክምና  ቤት ትምህርቲ ብግቡእ ተጸጊኖም ሓለዋ ተጌርሎም እቲ ናይቲ ግዜ ቃልሲ ኣብኡ ዝግበር ዝነበረ ኩሉ ከም ታሪኽ ኣብኡ ንበጻሕትን ካልኦትን ህያው ክኾኑ ኣለዎም። መጻኢ ወለዶታት ክፈልጥዎ ኣለዎም፡ ካብኡ ተበጊሶም ከኣ እዮም ሓቦን ኒሕን ሰኒቖም ዓዶም ካብ ዝኾነ ወራሪ ዝከላኸሉን ዝሃንጹን።

ኣብ ቻይና ኣብ ክፍለ ሃገር ዩናን እቲ ናይ ቺና ኮሙኒስት ፓርቲ ዝግልገለሎም ዝነበሩ ኣብ ጎቦ ዝተፋሕሩ ኣብያተ ጽሕፈታት፡ ናይ ሊቀመንበር ማኦ ሰቱንግ ቤት ጽሕፈት ብምሉኡ ተጸጊኑን ብጽቡቕ ተታሒዙን ካብ መላእ ዓለም በጻሕቲ ክውሕዝዎ ይረኣዩ። ንቻይናውያን ከኣ ኣብ ሃገሮም ዘለዎም ፍቕርን ምእንቲ እታ ሃገር ዝሓለፈ መከራን መንጠሪ ባይታ ኮይንዎም ፍቕሪ ሃገሮም ዓዚዙ ሃገሮም ልዕሊ ኩሉ ክትስራዕ ለይትን ቀትርን ኣስሚሮም ከም ዝሰርሑ ይገብሮም።

ከምኡ ውን እቲ ቅድሚ ኣሽሓት ዓመታት ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ዝተሰርሐ መንደቕ ቻይና ሓደ ካብቶም ኣደነቕቲ ናይ ዓለምና እዩ። ቻይናውያን ነዚ ልዕሊ ሹድሽተ ሽሕ ኪ.ሜ. መንደቕ ክሰርሑ ጉልበትን ገንዘብን በዚሕዎም ንመጋየጺ ዝገበርዎ ኣይኮነን። እቶም መዳውብቶ ሰበኽ ሳግም ሞንጎል እናወረሩ ምስ ኣትከኽዎም እዮም ድፋዕ ክኾኖም ሰሪሖሞ ዕርዲ ኮይንዎም ከኣ ህላዌኦም ኣውሒሶም። ሎሚ ከኣ ሓበንን ምንጪ ኣታውን ኮይንዎም ይርከብ።

ንሕና ከኣ ሎሚ ኣብ ነጻ ኤርትራ ኮሪዕናን ተሓቢንናን ኤርትራውያን ሰብ ባንዴራ ሰብ መንነት ኮይንና ንነብር ኣሎና። እወ ንሕጎስ ንዘልል ንዕልል ንድብል፡ ግን „ ካብ ዒላ ማይ ክትሰቲ ከሎኻ ነቶም ነታ ዒላ ዝኾዓቱ ዘክር “ ዝብል ናይ ኣቦታትና ምስላ ከኣ ክንርስዕ የብልናን። ንሶም እሾኽን ግራጭን እንተዘይውግኡ ቊርን ኣስሓይታን ረመጽን ህሮርማ ጸሓይን እንተዘይህረሙ ብጥሜትን ማይ ጽምእን እንተዘይሳቐዩ፡ ብጥይት ጸላኢ እንተ ዘይወድቁ እንተ ዘይስንክሉ ንሕና ሎሚ ምሃሎና ዲና ! ካብዚ ቅዱስ ሓሳብ እዚ ተበጊስና ኢና ከኣ ውሕስነት ሃገርና ብኹሉ መዳይ ክንዕቅብን ናብ መጻኢ ትውልዲ ከነሰጋግርን እንኽእል። ስለዚ ኤርትራዊ ግዜ ከሎካ ግዜ ኣይትጸበ ! ትማል ኔርና ሎሚ ኣሎና ጽባሕ ንኽንህሉ ዘኽእሉና ኩሎም ሎሚ ኢና ክንሰርሖም ዘሎና! ሎሚ ንጀምሮም ጽባሕ ንቕጽሎም ድሕሪ ጽባሕ ንቕጽሎም እንተ ሓለፍና ከኣ እቶም መተካእታና ይቕጽልዎ ከምኡ እናበለ ከኣ ይቕጽል። ንዝኾነ ሓሳብ ሰሚዕና ኣይንሕለፎ ተበግሶ ክውሰዶ ዝግብኦ ክንመያየጠሉን ክንብገሰሉን ኣሎና። ጽባሕ ተጣዒስና ዘይንረኽቦ ሎሚ ብዕሽሽታ ኣይንሕለፎ ! ዝኾነ ምስ ኮነ ጣዕሳ ዋጋ የብሉን።

ዘለኣለማዊ ዝኽርን ክብርን ንሰማእታትና !
ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ !